Tigrinya / ትግርኛ

# Office of the WorkCover OMBUDSMAN South Australia

ኣብ ሥራሕ ንዝተጎድኡ ሠራሕተኛታትን ቆጻሪ ድርጅታት ብዛዕባ ዎርክ ከቨር ኣቐራርባ ግልጋሎት ውጥን ንድፊታት ዝምልከት ቅረታ እንተሃልዩካ ብናይ ዎርክ ከቨር መርማሪ መረረ ቤት ጽሕፈት* ኣቢሉ ሓገዝ ሓበሬታ ብናጻ ይውሃብ እዩ።

ብናይ ዎርክ ከቨር መደብ ኣሠራርሓ ንዝፍጠሩ ጸገማት ብምጽራይን ናብ ረኽቢ ኢንዱስትሪያል ሚኒስተር ሪፖርት ዘዳልውን ብናቱ ሓሳብ ዝምሥራሕን ብናይ ካልእ ኣካል ተጽእኖ ዘይብሉ ቤት ጽሕፈት እዩ።

ንዎርክ ከቨር መርማሪ መረረ ቤት ጽሕፈት በዚ ይ ዝስ ዕብ ኣዘራርቡ:

| | |
|---|---|
| **ተለፎን** | 1800 195 202 (ብናጻ ንምድዋል) |
| **ፋክሲ** | (08) 8204 2169 |
| **ኢሜል** | owo@saugov.sa.gov.au |
| **ብመንበሪ ኣድራሻ** | Level 6, Chesser House<br>91-97 Grenfell St ADELAIDE SA |
| **ብፖስታ ኣድራሻ** | GPO Box 2343 ADELAIDE SA 5001 |
| **ዲኤክስ/DX** | DX 56201 ADELAIDE |

ናብ ቢሮ ብኣካል መጺእኻ ሠራሕተኛ ክተዘራርብ እንተደሊኻ ቐዳማይ ንዎርክ ከቨር መርማሪ መረረ ቤት ጽሕፈት ብስልኪ ጌርካ ቆፀሮ ምድላው እዩ።

## ናይ ዎርክ ከቨር መርማሪ መረረ ሥራሕቲ በዚ ይ ክምዝስዕቦ ይኸውን:

- ብዛዕባ ዎርክ ከቨር ኣቐራርባ ግልጋሎት ውጥን ንድፊታት ዝምልከት ቅሬታታት ካብ ሠራሕተኛታት፣ ቆጻሪ ድርጅታትን ካልኦት ኣካላት ተቐቢልካን መርሚርካ ምፍትሒ ንምርካብ እዩ።
- ብናይ ንቡር ሂወት ምምላስ ዝተዛመደ ጉዳይን ሠራሕተኛ ናብ ሥራሕ ክምለስ ንምግባር ንኣብነት፡ ናይ ቆጻሪ ድርጅት ግዴታታት፣ ብዛዕባ ናብ ንቡር ሂወት ምምላስ ግልጋሎት ምሃብ፣ ምስጢራዊ ንዝኾነ ጉዳይ ክተውጽእ፣ መረዳእታት ምሃብ ወ.ዘ.ተ.
- ንዝተጎድኡ ሠራሕተኛታት ሰሙናዊ ክፍሊት ጠጠው ንምግባር ብመጽናእቲ ዝተደገፈ ውሳነታት።
- ብናይ ሰራሕተኛ ናብ ንቡር ሂወት ምምላስን ብናይ *(Workers Rehabilitation and Compensation Act 1986)* ካሕሳ ኣንቀጽ ሕጊ 1986 ዓ.ም መሰረት ኣብ ሥራሕ ወይካዓ ብመምሕድዳር ንዝመጹ ጸገማት ምርኣይ።
- ብናይ ሳውዝ ኣውስትራሊያ ዎርክ ከቨርን (WorkCover SA) ቆጻሪ ድርጅታት ንዘለዎም ቅሬታ ንምግላጽን መርመራ ክንገበር ምብርትታዕን ምሕጋዝ እዩ።

*መተሓሳሰቢ: ቅሬታ እንተሃልዩካ ብቐደምትነት ምስካለ ሰብ ኾይንካ መፍትሒ ክርከበሉ ምፍታን ወይካዓ ናብ ዎርክ ከቨር መርማሪ መረረ ቕድሚ ምብጽሑ ናብ ካለ ድርጅት ክምራሕ ምግባር እዩ።*

ብዝደሌኻዮ ቛንቛ ንዎርክ ከቨር መርማሪ መረረ ቤት ጽሕፈት ክተዘራርብ እንተደሊኩም፣ በጃኹም ንኣስተርጓሚ ኣገልግሎት ማእከል ብስልኪ (08) 8226 1990 ምድዋልን ምስናይ ዎርክ ከቨር መርማሪ መረረ ቤት ጽሕፈት ብናጻ ስልኪ 1800 195 202 ደዊሎም ከራኽቡ ምሕታት እዩ። እዚ ይ ናይ ስልኪ መተርጎሚ ኣገልግሎት ብናጻ ከምዝዳለው እዩ።

** መርማሪ መረረ ንዝቐርቡ ክሲታትን ቅሬታ ተቀቢሉ ከጻርይ ዝምደብ ሰብ እዩ።*